## ጻውዒት!

## መኸተና መኸተ ህዝቢ ኢዩ!

ግንቦት 24, 2005 መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ንመበል 14 ግዜ መዓልቲ ናጽነቱ ኪጽምብል ኢዩ። በዚ ኣጋጣሚ እዚ ከም መቐጸልታ በዓልና ኣብ ስቶክሆልምን ከባቢኣን እንነብር ኤርትራውያን፡ ቃልስና ንሓራ መሬት፡ ንሓራ ህዝብን ሓራ ውሳኔን ምንባሩ ብምዝካር፡ ንኹሉ ምውጥዋጥን ፈተነ ኢደ ምጥዋይን፡ ምትእትታውን ብምንጻግ፡

1. ልኡላውነትና ንምኽባር ንኹሉ እንተታት ድሉዋት ምህላውና ዳግም ንምርግጋጽ፡
2. ውሳነ ኾሚሽን ዶብ ብህጹጽን ብዘይ ቅድመ-ኩነትን ኪትግበር፡
3. ስርዓት ወያነ ካብ ጎቢጡ ሒዝዎ ዘሎ መሬት ኤርትራ ብዘይ ውዓል ሕደር ክወጽእ፡
4. ዳግማይ ህልቂት ንኽፍጸም ብሸለልትነንት ዝዕዘብ ዘሎ ማሕበረሰብ ዓለም ግዴታኡ ኪፍጽም ንምዝኽኻር፡
5. መንግስቲ ሸወደን ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ወሲድዎ ዘሎ ግጉይን ዘይርትዓውን መርገጺ ኪቕይር ንምትሕስሳብ፡
6. ሊበራላዊ ሰልፊ ሽወደን (Folk partiet) ኣንጻር ኤርትራ ወሲድዎ ዘሎ ተጻባኢ መርገጺ ንምዅናን፡
7. ኣብ ጎድኒ ህዝብናን መንግስትናን ሰራዊትናን ምህላውና ዳግም ንምርግጋጽ፡
8. ኣንጻር ኩሎም ሽርሒታት ክንብድህ ምዃንና ዳግም ንምርግጋጽ፡
9. ወፍሪ ልምዓትና ንምድራኽ ክንሰርሕ ምዃንና ዳግም ንምርግጋጽ፡

ናጽነት ኣብ መሬት፡ ናጽነት ኣብ ውሳኔ፡ ናጽነት ኣብ መስመር፡ ዘይቑርመም ናጽነት ዝመረጽና ህዝቢ ምዃንና ከነመስክር፡ ሰላማዊ ሰልፊ ከነካይድ ስለዝኾና፡ ኩሉ ፈታው ሃገር ኤርትራዊን ፈተውቲ ኤርትራ ዝኾኑ መሓዙትን ኪሳተፉ ብኽብሪ ንዕድም።

ኣይንብርኸኽን! ርሑስ በዓል ናጽነት ይግበረልና!

ዓወት ንሓፋሽ! ማሕበር መንእሰይ ኤርትራ ስቶክሆልም